# ወይዘሮ ኣስካሉ መንቀርዮስ ንስድራ ቤት ስዉኣትን ተመዛበልትን ሞራላውን ቁጠባውን ደገፍ ምግባር ሓላፍነት ኩሉ ኤርትራዊ እዩ ኪትብል ገሊጻ።

----------000-----------

ንስድራ ቤት ስዉኣትን ብሰንኪ ወራር ወያነ ካብ መንባብርኦም ንዝተመዛበሉ ዜጋታትን ቁጠባውን ሞራላውን ደገፍ ምግባር ሓላፍነት ኩሉ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ኤርትራዊ እዩ ኪትብል ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ወይዘሮ ኣስካሉ መንቀርዮስ ገሊጻ።

ንሳ፣ ነዚ ዝገለጸት ብ30 ሰነ ናብ ፌስቲቫል ኤርትራ 2001 ሚላኖ ኢጣልያ ንምስታፍ ንዝመጹ ኣስታት 2000 ሰባት ንህሉው ኩነታት ሃገርና ንምብራህ ኣብ ዝሃበቶ መብርሂ እዩ።

ወዘሮ ኣስካሉ ንመስርሕ ሰላም ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ መብርሂ፣ መንግስቲ ኤርትራ ንኹሉ ስምምዓትን ውዕላትን ተቐቢሉ ተግባራዊ ንምግባር ይጽዕር እኳ እንተሎ ስርዓት ወያነ ግን ንኹሉ ዝፈረመሉ ስምምዓት ብምጥሓስ ንመስርሕ ሰላም ንምትዕንቓፍ ዝተፈላለየ ሸርሕታት ይፍጽም ከም ዘሎን ኣብሪሃ። ከም ውጽኢቱ ክኣ መስርሕ ሰላም ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ይኸይድ ከም ዘየሎ ገሊጻ።

ንሳ፣ ኣብ መወዳእታ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ መደባት ሕውየትን ዳግመ ህንጻን፣ ምጥያስ ተጋደልትን ዝተመዛበሉ ስድራ ቤታትን ከምኡ እውን ምኽያድ ምርጫታትን ምምስራት ውድባትን ሰልፍታትን ዝኣመሰለ ዓበይቲ መደባት ሓንጺጹ ይሰርሕ ስለ ዘሎ ነዚ መደባት እዚ ዕ ዉት ንምግባር ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከብ ህዝብና ኣበርቲዑ ኪሰርሕ ተላብያ።

ኣብ ካልእ መዳይ ትማሊ ድሕሪ ቀትሪ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራን ዋና ዳይረክተር ተለቪዥንን ኤርትራን ኣቶ ዓሊ ዓብዱ ናብቲ ፌስቲቫል ንምስታፍ ንዝመጹ ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ሃማመተኤ ሓንጺጽዎም ዘሎ መደባትን ዝምድና ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከቡ መንሰያትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ።

ኣቶ ዓሊ ኣብ መብርሂኡ ሃማመተኤ ነቲ ኣብ ሉኣላውነት ሃገር ንምክልካል ዝርከብ መንእሰይ ንምጥያስ መንግስቲ ሃንጺጽዎ ዘሎ ዓቢ መደብ ንምትግባር ዓቢ እጃም ወሲዱ ይሰርሕ ከም ዘሎ ድሕሪ ምሕባር ነቲ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሃገርና ንሓይሊ መንሰያትና ዝቐዝፍ ዘሎ ሕማም ኤይድስ ንምምካት ዓቢ ኣቃልቦ ገይሩ ይሰርሕ ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

ንሱ፣ ኣብ መወዳእታ ሃማመተኤ ውዳበኡ ኣብ ወጻኢ ከስፍሕ መዲቡ ከም ዘሎ ጠቒሱ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ መንእሰያት ባህሎምን ልምዶምን ንምዕቃብ ኣብ መንጎ ወለድን መንእሰያትን ከምኡ እውን ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርከቡ መንእሰያት መለጋገቦ ንምፍጣር ሃማመተኤ ኣበርቲዑ ከም ዝሰርሕ ኣሚቱ።

ኣብ ካልእ መዳይ ትማሊ ኣብ ኣዳራሽ ፌስቲቫል 2001 ሚላኖ ኢጣልያ ብዘይካ እቲ ልሙድ ባዛራትን ስፖርታዊ ንጥፈታትን ወይዘሪት ፌስቲቫል ሚላኖ ንምምራጽ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ቑንጅና 23 ዓመት ዝዕድሜኣ ወይዘሪት ድሕነት እስቲፋኖስ ካሳ ቀዳመይቲ ብምዃን ኣስመራ ሚላኖ ኣብጺሑ ዘምልስ ቲኬት ተዓዊቲት ኮይና ኣላ። እቲ ፌስቲቫል ሎሚ እውን ይቕጽል ከም ዘሎ ልኡኽ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ ካብቲ ቦታ ሓቢሩ።

******ኣዜኤ*******